# ነበርቲ ላስቬጋስ ኣብ እዋናዊ ሃገራዊ ጉዳይ

ብዕለት ኖቨምበር 30 ኣብ ከተማ ላስቬጋስ ነበርቲ ዝኾንና ተጋሩ ኣብዝገበርናዮ ኣኼባ ብዛዕባ ሃገርና ኢትዮጵያ ብሰፊሑ ምስተመያየጥና፤ ነዞም ዝስዕቡ ውሳነታት ብሓደ ድምፂ ኣሕሊፍና::

1. ቅንጅት ናይ ኢትዮጵያ ብሄራትን ብሄረሰባትን ዝገብርዎ ዘለዉ ቃልሲ ብምንእኣስ ብፍላይ ኣብ ልዕሊ ተጋሩ ዘካይዶ ዘሎ ዓሌታዊ ዘመተ ኣጥቢቕና ንኹንን::
2. ብሰንኪ ቅንጅት ምኽንያት ኣብ ዜጋታትና ዝበፅሐ ናይ ህይወት ጥፍኣትን ናይ ንብረት ዕንወትን ሓዘንና እንዳገለፅና ናይዚ ጥፍኣትዚ ተሓተቲ ዝኾኑ መራሕቲ ቅንጅት ብጥፍኣቶም ክፍረዱ ኣጥቢቕና ንሓትት::
3. ኣብ ወፃኢ ዝነብሩ ናይ ቅንጅት ኣባላትን ደገፍትን ዝገብርዎ ዘለዉ ናይ ገንዘብ ምውፃእ ነተን ካልኦት ናይ ኢትዮጵያ ብሄራት መዳኸምን ንተጋሩ መጨፍጨፍን ከምኡውን ናይ ፅልኢት ፕሮፓጋንዳ መሳርሕን እዩ ኢልና ስለንኣምን፤ ኣጥቢቕና ንኹንኖ::
4. ቅንጅት ኢትዮጵያዊ እየ እንዳበለ ግን ድማ ምስ ናይ ኢትዮጵያ ህዝቢ ፀላኢ ዝኾነ ስርዓት ሻዕብያ (ህግደፍ) ግንባር ብምፍጣር ሃገራዊ ክሕደት ፈፂሙ እዩ:: ነዚውን ብታሪኽ ተሓታቲ እዩ::
5. ናይ ኣሜሪካ ድምፂ ናይ ኣምሓርኛ ፕሮግራም (ቪኦኤ) ምስ ትምክሕተኛ ናይ ፖለቲካ ውዳበታት ብምውጋን ኣብ ህዝብታት ምድንጋር ይፈጥር ስለዘሎ ካብ ወገናዊነት ነፃ ዝኾነ ፕሮግራም ክመሓላልፍ ኣጥቢቕና ንሓትት::
6. ኣብ ውሽጢ ሃገርን ኣብ ወፃኢን ዝርከቡ ናይ ግሊ ጋዜጠኛታትን ናይ ኢንተርነት መርበባትን እንካብ ሓቂ ዝረሓቑ ፅሑፋትን ዜናታትን ብምቕራብ ኣብ ሞንጎ ህዝብታት ዓብዩ ቅርሕንቲ ይፈጥሩ ስለዘለዉ ካብዚ እኩይ ተግባሮምዚ ክቑጠቡ ኣጥቢቕና ንሓትት::

ተጋሩ ነበርቲ ላስቬጋስ